# ሉዓም ዝበተኸ ፈረስ ሒዙኻ ንገደል ይጸድፍ

*ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ*
*በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን*

*ሉዓም ዝበተኸ ፈረስ ሒዙኸ ይጸድፍ*
*ሓልዮት ዝጎዶሎ ሃለውሎው ይጽሕፍ*
*ዓመት ነዊሕ ይመስሎ ዘይሓልፍ*
*ጥርናፈ ህዝቢ ዘበሎ ሃተፍተፍ።*

*ነቲ ጠላም ስርዓት ዝሕብሕቡ*
*ካብ ህዝቢ ዝተመንጠለ ገንዘብ በሊያም ዝጸገቡ*
*ገለ ተጋደልቲ ነበር ገለ ናይ ደርጊ ሊያቡ።*

*ወስ ክነብለሎም ንባዓል ዲንኪላሎ*
*ኢዶም ዘእትዉ ኣብ ሩሱን ሞቐሎ*
*ክጽሕፉ ዝሕድሩ ንኢሰያስ ደስ ዝብሎ*
*ከም ወናኒ መስከረም ዛኣምሰሉ ናይ ምልኪ ሸቃሎ*

*ንዓኻን ወዲ ኸማኻ ሊኢኹ ንህግደፍ ጠዒምዎሎ*
*ንተቓለስቲ ከጸልም ካብ ህግደፍ ገንዘብ ዝተኸፈሎ*
*ኣስማት ተኻፊልቲ ዋዕላ ኣብ መርበብካ ትሰቕሎ*
*ካብ ዑሱባትን ዎይጦታትን ህግደፍ ዝፈርሕ መን ኣሎ*
*ዘይተኸንሸበ መልሓሱ ንምልካዊያን ዘጋፍር መሊኡሎ*
*ሕድሪ ሰማእታትና ተጠሊሙ ኣይተርፍን ለብዘበን ሓዲኡሎ።*

*ኣይፋልካን በልዎ ነቲ ሸም ጥሊያን ዘለዎ ሓበሻ*
*ኣብቲ ምዕቡል ዓዲ ስቶኮሎም ዝዋሓጦ ጣሻ*
*ናይ ጸለመ ኪኢላ ዝጸበ ካብ ህግደፍ ሕንባሻ*
*ትም ምባል ይሕሸካ ህዝቢ ከይብለካ ወይዚ ዓሻ።*

*ሃገራዊ ዋዕላ ነጺጉ ከም ማል ዘዔመ*
*ሕጂ ሓቂ ከምስል ብህዝቢ ዝሓመመ*
*ኣብ ስቶኮሎም ደቂሱ ስልጣን ኣስመራ ዝሓለመ*
*ኣብ ዘተ እመን ተማሃር ብዝቐደመ ።*

*ደንበኻ ኣጽሪ ካብ ትብል ኀቦ ኀቦ*
*ምባል ይትረፍካ ሉኡኸ ሓሊቦ*
*ጸለመ ክጽሕፍ መረት ዝዓረቦ*
*ኣብ ዋዕላ ምተኻፈልካ እንተ ዝህልወካ ሓቦ።*

*ብጹሑፋትካ ንተፋተፍቲ ዋዕላ ኣይትውጋእ*
*ኣዊያት ህዝቢ ሰሚዕካ ክትብል ይግባኣካ ሰጋእ።*

ሓሶት ዝስንቆም ምስ ረኸቡ ጋዶ
ቀሪብና ኢና ክንብል ኣይበልናን ዶ
ኣብ ሕጊ ምስ ቀረቡ ናይ ህግደፍ ነጋዶ።
ሃገር እንዳ ተረፈት ብዘይ ህዝቢ
ናዓይ ይጥዓመኒ ይብል ዘይብሉ ቀልቢ
ዒንኪላሎ ናይ ጥፍኣት ሰርቢ።

ሓደ ካብቶም ንሃገራዊ ዋዕላ ዝኾኖኑ
ሕፍር ከይበለ ዝብል ዝበልናዮ ኮይኑ
ኣብ ህዝቢ ዘይብሉ ዳስ ዝስዕስዕ ንበይኑ።

ዕምሪ ዝሃቦ እንታይ ዘይርኢ ዘይሰምዕ
ናይ ደገ ምልኪ ቀሪቡ ጉዱ ክቕላዕ
ማዕረ ማዕረ ናይ ውሽጢ ምልኪ ክስራዕ።

እወ ንስኒት ንሓድነት ንጥርናፈ
ቦታ የብሉን ካብ ሎሚ ንስልጣን ዝሃረፈ
ህዝባዊ ፍርዲ ኣለዎ ማኣዲ ዘተ ዝኾለፈ
ክማሃር ይግብኦ ካብቲ ዝሓለፈ ገጋ ብዝቕልጠፈ።

ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤረትራ
ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና
ኤረና ንለብዘበን እንበር ነዓመታስ ሸዊት ለምለም
ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን